# ሪፖርታጅ ዑደት ልኡኽ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ናብ ሎንደን

## ሓባራዊ ሽማግለ ዜና ሰ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን
## ሓምለ 17-07-2009

ኣቶ ኣማኑኤል ሃብተን ኣቶ ሓምድ ድራርን ኣብ ዕለት 12/07/2009 ኣብ ከተማ ሎንደን ብርኽት ዝበለ ቁጽሪ ናይ ተሳተፍቲ ዝተረኽቦ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዶም። ዕላማ ናይዚ ኣኼባ እዚ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ክልተ ሰልፍታት፡ ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን ዝኸይድ ዘሎ ናብ መዛዘሚኡ ንምብጻሕ ተቓሪቡ ዝርከብ ናይ ሓድነት መስርሕ ንምብራህን ከምኡ ድማ ካብ ህዝቢ ሓሳብ ንምውሳድን ኢዩ ኔሩ። ከምኡ ውን ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ኑቲ ጎኒ ንጎኒ ምስዚ መስርሕ እዚ እናተኻዕዘ ዝመጸ ናይ ሰልፊ ህዝብን ምንቅስቓስ ጋሽ ሰቲትን ምጽንባርን፡ ክልተ ሰልፊታት ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓ ሓደ ንምኻን በጺሖሞ ዘለዉ ዘተኣማምን ደረጃን ብስፍሓት ተገሊጹ።

መራሕቲ ኣኼባ፡ እዚ ክልተ ሰልፍታታት ክሳብ ሕጂ ኣረጋጊጽዎ ዘሎ ዓወት፡ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ኣብ ውሽጡ ሰለ ዘተኣታተወ ጥራይ ምኻኑ ኣብሪሆም። እዚ ዝምባለዚ ቀጻሊ ክኸውን እንተበቒዑ ውን ንገና ዘይመልስናዮምን ብቀጻሊ ክገጥሙና ዝኽእሉ ብድሆታታትን ኣብ ምግጣሞምን ምስዓሮምን ክንበቅዕ ከም እንኽእል ብዕምቆት ኣብሪሆም። እዚ ንኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ወሲኹ ኣብ ቀርባ እዋን ሓደ ሰልፊ ዝኸውን ሰፊታትን ውድባትን ኣብ ቃልሲ ሓድነታዊ ጉዕዞ ኣዎንታዊ ተራ ክህልዎ ከምዝኾነ በሪሁ። ኑቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ቃልሲ ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ኣቃላጣፊን፡ ንተሳትፎ ህዝቢ ድማ ዓዳሚ ስጉምቲ ምኻኑን ተገሊጹ።

ኣብዚ ኣኼባ ካብ ተቓወምቲ ውድባትን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣገደስቲ ውልቀሰባትን ተረኺቦም፡ ኣብ ሒዝናዮ ዘሎና ጉዕዞ ክሕግዙ ዝኽእሉ ኣገደስቲ ሃነጽቲ ሓሳባት ኣቕሪቦም። ክበርሁ ዝግብኦም ሕቶታት ድማ፡ ብወገን መራሕቲ ኣኼባ ኣዕጋቢ መብርሂታት ተዋሂብዎም። ካብ ኣኺበኛ`ታት ዝመጽኡ ዝነበሩ ርእይቶታት ኣብ መዝገብ ብግቡእ ሰፊሮም። ተሳተፍቲ ኣኺባ፡ መራሕቲ ኣኼባ ብዘመሓላለፍዎ መልእኽትን ብኣካይድኡን ዕጉባትን ሕጉሳትን ከምዝነበሩ መስኪሮም።

ልኡኽ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ኣብ ርእሲ'ቲ ምስ ህዝቢ ዝገበሮ ርኽክብ ምስ ኣባላት መሪሕነት ሰቪካዊ ማሕበር ስድሪ ( Cidrie )ኣፈናዊ ዘተ፡ ምስ ወጻኢ ጉዳያት ክፍሊ ኣፍሪቃ ሓላፊ ርኽክብ፡ ምስ ቢቢሲ (BBC) ቃለ-መሓትት፡ ምስ ወከልቲ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን ብሓባር ኣኼባ ኣካይዱ።

ምስ ሲቪካዊ ማሕበር ስድሪ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ሒዞሞ ዘለዉ ኣገባብ ቃልሲን ኣተሓሳስባን ሓድነት ከምዘለዎ መዚኖም። ነዚ ድሕሪ ምምዝጋብ ብዛዕባ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምርግጋጽ ክንገብሮ ዝግብኣና ናይ ሓባር መደብ ኣብ መጻኢ ብዕቱብነት ክዝተየሉ ከምዝግብእ ተመልኪቶም።

ልኡኽ ሓባራዊ መሪሕነት ኣኼባታት ምስ ወከልቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን  ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ብዛዕባ ብሓባር ክዕመሙ ዝግብኦም ዕማማት ዘትዩ።

ምስ BBC ክፍሊ ጉዳያት ኣፍሪቓ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ፡ ንኹነታት ህዝብናን ኩነታት ደንበ ተቓውሞን ኣብሪሁ።